# ኤርምያስ 23

16 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እቶም ዚንበዩልኩም ዘለዉ ነብያትሲ ኸንቱነት
እዮም ዚምህሩኹም ዘለዉ፡ ራእይ ልቦም እምበር፡ እቲ ኻብ ኣፍ እግዚኣብሄር ዝወጸ ኣይኰነን
ዚነግሩኹም ዘለዉ እሞ፡ ቃላቶም ኣይትስምዑ።
17 ንሳቶም ከኣ ነቶም ዚንዕቁኒ ዘለዉ ኹሉ ጊዜ፡ እግዚኣብሄርሲ ደሓን ኪኾነልኩም እዩ፡ ኢሉ ኣሎ፡
ነቶም ብትሪ ልቦም ዚመላለሱ ኹላቶም ድማ፡ ገለ ኽፉእ ኣይኪወርደኩምን እዩ፡ ይብልዎም ኣለው።
18 ቃሉ ኺርእን ኪሰምዕን ኣብ ምኽሪ እግዚኣብሄር ዝወዐለ መን እዩ? ጽን ኢሉ ቓሉ ዝሰምዔኸ መን
እዩ?
19 እንሆ፡ ህቦብላ እግዚኣብሄር፡ እቲ ነድሩ ኸም ዘራጊቶ ይወጽእ ኣሎ፡ ኣብ ርእሲ እቶም ረሲኣን ድማ
ኪወድቕ እዩ።
20 ቍጥዓ እግዚኣብሄር ሓሳባት ልቡ ኽይገበረን ከይፈጸመንሲ ኣይኪምለስን እዩ። ኣብ ዳሕሮት
መዓልትታት ኣጸቢቕኩም ከተስተውዕልዎ ኢኹም።
21 ነዞም ነብያት እዚኣቶም ኣይለኣኽክዎምን ግናኸ ጐየዩ፡ ኣነስ ኣይተዛረብክዎምን ግናኸ ንሳቶም
ተነበዩ።
22 ኣብ ምኽረይ ውዒሎም ነይሮም እንተ ዚኾኑስ፡ ቃላተይ ንህዝበይ መስምዕዎም፡ ካብቲ ኽፉእ
መገዶምን ካብ እከይ ግብሮምን ከኣ ምመለስዎም ነይሮም።
23 ካንዶ ናይ ቀረባ ኣምላኽ ጥራይ እየ፡ ናይ ርሑቕ ኣምላኽሲ ኣይኰንኩንዶ? ይብል እግዚኣብሄር።
24 ኣነ ኸይርእዮስ ሰብዶ ኣብ ስዉር ስፍራ ኪሕባእ ይከኣሎ እዩ? ይብል እግዚኣብሄር። ሰማይን
ምድርን ዝመልእዶ ኣነ ኣይኰንኩን? ይብል እግዚኣብሄር።

# ሮሜ 8

14-15 ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ፡ ኣቦ፡ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም
እተቐበልኹም እምበር፡ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቐበልኩምን፡ ስለዚ እቶም
ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም።
16 ውሉድ ኣምላኽ ምዃንና ኸኣ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ምስ መንፈስና ኹይኑ ዚምስክር።
17 ውሉድ ካብ ኰንናኸ፡ ወረስቲ ድማ ኢና፡ ንኣምላኽ ወረስቱ፡ ንክርስቶስ መዋርስቱ ኢና። ምስኡ
ሓሳረ መከራ እንተ ጸገብናስ፡ ምስኡውን ክንከብር ኢና።

# ማቴዎስ 7

15 ካብ ነብያት ሓሶት ተጠንቀቑ ውሽጦም ዚምንጥሉ ተዃሉ ኽነሰምሲ፡ ክዳን ኣባጊዕ ተኸዲኖም
እዮም ዚመጽኹም።
16 ብፍሪኣም ከተለልይዎም ኢኹም። ካብ እሾኽዶ ወይኒ ይቕንጠብ፡ ካብ ተኹርባስ በለስ፧
17 ከምኡኸስ እቲ ጽቡቕ ኦም ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ፡ እቲ ኽፉእ ኦም ከኣ ክፉእ ፍረ ይፈሪ።
18 ጽቡቕ ኦም ክፉእ ፍረ ኺፈሪ፡ ወይስ ክፉእ ኦም ጽቡቕ ፍረ ኺፈሪ ኣይኰነሉን እዩ።
19 ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኹሉ ኦም ይቚረጽ፡ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ።
20 እምበርከ ብፍሪኦም ከተለልይዎም ኢኹም።
21 ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር እምበር፡ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ዚብለኒ ኹሉ፡ መንግስተ
ሰማይ ዚኣቱ ኣይኰነን።